# ምንቃፍ ጉቡእ እዩ
# ምኹናን ግን ኣይግድን

By ሚካኤል ኣጎስቲኖ(ቱቢንገን ጀርማን)
Juni 13.06.2005

ኣብዚ ዘለናዮ ወለዶ ፍጥር ካብ ንብል ፡ ብዘይካ ውግእን ወረ ውግእን ካልእ ሰሚዕና ኣይንፈልጥን፡ ሙሉእ ዕድመና ፡ ብስቃይ፡ ብዘይ ቅሳነት፡ ብራዕዲ ክንደይ ኢልካ ክትጽብጽቦ ጺሒፍካ ኣይውዳእን። ህዝብና ካብዚ ረኺብዎ ዘሎ ሽግርን ፥ዓዘቅትን ክወጽእ ንሳላሳ ዓመት ንመሰሉን ንናጽነቱን ተቃሊሱ ከብቅዕ ብድሕሪ'ዚ መሪር ቃልሲ ኣብዚ ዘለዎ ሽግር ክኣቱ ከሎ ከይገረመና ኣይተረፈን። እዚ ኻኣ ብሰንኪ ጥልመት ኣብ ስልጣን ዝርከቡ ሰብ ስልጣን ህ,ግ.ደ.ፍ. ጠላማት ብስልጣን ዓይኖም ዝዓወረ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዓዘቅትን ኣብ ደላህመትን ሸሚምዎ ይርከብ ። ነዚ ክወድቅ ተንጠልጢሉ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ካብ ስሩ ታማሕዩ ብዲሞክራስያዊ ስርዓት ክትካእ ኣለዎ። እዚ ስርዓት እዚ ይወድቅ ከም ዘሎ ዘርእዮ ምልክታት፡ በቲ ሰማይ ዓሪጉ ዝርከብ ክብሪ ዕዳጋ ፡ መሃይምነት ሕማምን ተጎቢኡ፡ ብወገን ምግምማዕን፡ ብሃይማኖት ምፍርራህን ፡ ወተሃደራትዊ ምራል ውድቀትን፡ ኣብያተ ማእሰርቲ ምብዛሕን ዝግለጽ ፖለቲካውን ማሕበረ-ቁጠባውን ቅልውላው፡ሕንጻጸ-ሞቱ ካብ ዝሓልፍ ነዊሕ ኮይኑ ኣሎ።ካብዚ ተበጊሱ ኤርትራዊ ንሃገረን ንህዝቡን ዘፍቅርን ዝግደስን ኣካል ኣብ ቃልሲ ተጸሚዱ ይርከብ። እምበኣርከስ እዚ ካብ ኮነ፡ ኣንኮ ምርጫና ነዚ ንህዝብና ዘሳቅዮ ዘሎ ስርዓት ብሓባር ምግጣሙ እዩ ናብ ዓወት ዘምረሓና ። ስ'ዚ ወድባት ኤርትራ ኣብ መወዳእታ 2004 ኤርትራዊያን ደንበ ትቃወምቲ ካብ ዝተኸስቱ ኣገደስቲ ምዕባለታት ሓደ ናይ ኪዳን ምምስራት ኣብ ካርቱም ሃገረ ሱዳን እዩ፡ ድሮ እውን ኣብ ነጠፍጠፍ ይርከብ ።እዚ ታሪኻዊ ጥርናፈ ተቃወምቲ ውድባት ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ንመጀመርያ ጊዜ ዝተራየ ኮይኑ ነዚ ደሞክራስያዊ ኪዳን ከም ብርጭቆ ሸተት ኢሉ ከይሰበረና ነብሰወከፍ ኤርትራዊ ንሓድነትን ንፍቅርን ህዝቢ ኤርትራ ዝኣምን ክካላኸለሉ ኣለዎ። እምበኣርከስ ኣብ ደምበ ተቃወምቲ ዝርከቡ ኮነ ህዝቢ አርትራ

ነዚ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ክነናእሶን ክነዕብዮን እንኽእል ንሕና ኢና እሞ ምኽርን ሓሳብን ክንልግሰሉ ይግባእ። ሓቂ እዩ ኣብሓጺር ጊዜ ዓቢ ለውጢ ክንጽበ የብልናን፡ ሓድነት፡ ናይ ሓሳብ ምቅርራብ ፥ሓደ ኣራኣእያ፡ ዝመጽእ ብሓንሳእ ኮፍ ኢልካ ብምድግጋም ምስ ትዝቲ ጥራይ እዩ። ትማሊ ቂድሚ ኣኸባ ካርቱም ነዛ ሰላም ናይ እዝግሄር'ካ ተተናፋፈሐም ይሓልፉ ኔሮም ዝበሃለሎም መራሕቲ፡ ኣብ ክሊ ጠረበዛ ኮፍ ኢሎም ብዛዕባ ሃገራዊ ጉዳያት ክዝትዩ ምጅማሮምን ናይ ሓባር መቃለሲ ባይታ ምፍጣሮም ሓደ ኣወንታዊ ተርእዮ እዩ። ሕራይ ጉድለት ኣይነበሮን ግን ክባሃል ኣይካኣልን ፡ ጉድለቱ እና ኣረምካ ምስ ዝኽየድ እዩ ኣብ ዓወት ከብጻሓና ዝኽእል ፡ ንምሳሌ ሓደ ካብቲ ክድፈኣሉ ዘለዎ ኣብ ቡዙሓት ኣጋጥመታት ዝግለጽ ዘሎ ብርገሳዊ ማሕበራት፡ ዓበይቲ ዓዲ፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ምሁራት፡ ተሳትፎኦም ኣበርክተኦም ክረጋገጸሉ ዝኽእል መንገዲ ክጣጣሕ ይግበኦ። ገለ ገለ ዘገታት ንደሞክራሲዊ ኪዳን ክቅጽል ከምዘይ ክእል የተምብሁ እዮም፡ ንሓደ ነገር ምቅጻልን ዘይምቅጻልን ኣብ ዝገብሮ ምንቅስቃሱ ወይ ንጥፈታቱ ገምጊምካ ዶ ኣይኮነን ሪኢቶኻ ክተንብረሉ ዘለካ ፥ሓቂ እዩ ጥርጣሪ ክህሉ ናይ ግድን እዩ፡ ካብ ተሞክሮና ተማሂርና ድሕርሕጂ ብእምነት ዝባሃል ምስራሕ ወይ ውድባት ጥራይ ዝዋሳኣሉ እንተኾይኑ ኣብቲ ናይቀደም ንዲሕሪት ምምላስ ማለት እዩ። ኣብዚ ክነውሕሶ ኣንደሊ ሓቂ ካኣ መሰል ናይ ምምራጽን ብምሉኡ ንህዝብና እንተድኣሂብናዮ፡ ተቃወምቲ ውድባት ከኣ ኣብ ምንጎኤን ናይ ሓድሕድ ምክብባር ስርዓት ክሕልዋ ይግባእ። ብድሕርዚ ከኣ ብናይ ሓባር ልዝብ ኣብ ሓደ ጣረበዛ ኮፍ ብምባል ብዋዕላ ኣቢልካ ፥ኣብ ናይ ሓባር ባይቶ ምምስራት ክእትዋን ቡኡ ኣቢለን ካኣ ግዜዊ መሳጋገሪ ምምሕዳር ክምስርታ ክብቃዓን ኣለወን።እዚ ግን ታራ ህዝቢ ኣዩ፡ ህዝቢ ክዋስእ

ኣለዎ ብንቅሓት ክገጥሞ ክኽእል ኣለዎ። ሓቂ እዩ ኪዳን ተሰኪምዎ ዘሎ ሓላፍነት ረዚን፡ ብኡ መጠን ድማ ዝጽበዮ ዘሎ ዕማማት ቀሊል ኣይኮነን፡
እንኮ መፍትሒና ጉድለታቱ እንዳኣረምካ ኪዳን ክድንፍዕን ዝኽእለሉ መንገዲ ምንዳይ ጥራይ እዩ ። እንተደይኮይኑ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ከም ቀደም ንበይንና ሰማዒ እዝኒ ከይረኸብና ዓንገረር ክንብል ብዘይ ፍረ ክንተርፍ ኢና። መፍቶ ጸላኢ ከም'ውን መናወሒ ዕድመ ንስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ.ማለት እዩ፡ በቲ ካልእ ገጹ ክትሪኦ ከለኻ ኻኣ ኣብ ቀረባ ጊዜ መራሕቲ ውድባት ኣብ ዝሃብዎ ቃለ ማሓተት ኣብ ነንበይኖም ቂድሚ ክዳን ምምስራቶም ኣብ ዲፕሎማሲያዊ መደያቶም ንበይኖም ከምዘይ ተዓወቱ ይሕብሩ። እሞ ካብዚ ዝዓቢ ተሞክሮ ስለ ዘየሎ እታ ዓወት ጥራይ ተጠሪፍካ ምኻና ካልእ ኣምራጺ ከምዘየለ ተረዲኦም። ፡ስ'ዚ ኤ.ድ.ካ. ብመጠኑ ሓደ ቅርጺ ኣቑሙ ስለ ዘሎ ምንቃፉ ጉብእ ኮይኑ፡ ምኹናኑ ግን ኣይግድን ባሃላይ እየ።ኣብ ጉጅለኻ ምዕባይ ምጉያይ ግን ነዊሕ ከይከድና ናይ ሰብዓታት ታሪኽ ምድጋም ምኻኑን ተሓታትናቱ ከኣ ናይዚ ወለዶ'ዚ ደኣምበርናብ ካልእ ከናሰጋገሮ እንኽእል ሰነድ እውን ከምዘይኮነ ምርዳእ የድሊ። በዚ ተበጊስዎ ዘሎ ኣብ ነኒበይንኻ ዳስ ወጊድ ኢልና ብሓባር ነብዕለሉ ወይ ንዝትየሉ ብዝቀልጠፈ ክስርሓሉ ኣለዎ ፡ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት ባዓል ኣብነት ኮይኑ. ኣብ ዝመጽእ ብዝበለጸ ክነብዕሎ ተስፋ ይገብር።
ኣብ መደምደምታ እምበኣር፡ ተበግሶ ኪዳን ኣብቃልሲ ኣንጻር ምልኪ ሓደ ዝላ ንቅድሚት ከም ምኻኑ መጠን ንዓወታቱ ዓቂቡ፡ ንድኽመታቱ ድማ ብክውንነታዊ መንገዲ እንዳገጠመ ነዚ ፈሊምዎ ዘሎ በዳሂ ምስርሕ ብብቅዓት ከውሕሶ ትምኒተይ እንዳገለጽኩ ዓወት እምነየሉ።

ዓወት ንቃልሲ ህዝብና
ሓድነት ተቃወምቲ ይደልድል
ውድቀት ንስርዓት ህግደፍን ተላኣኽቱን